ኣውያት ንድሕነት ህዝብን ሃገርን፧

ኣሎኹምዶ ደቂ-ኤረ?

ዶ/ር ብርሃነ ወልደሚካኤል

(18/06/2020)

ንጥረ ሓሳብ

ብዙሕ ኤርትራዊ ነዚ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሎ ምዓተ-መከራ ብዝግባእ ዝተረድኦ ኣይመስልን። ሃገር ትጠፍእ ህዝባ`ውን እናበረሰሰ ኤርትራዊ ኣብ ዘየድሊ ሓሸውየ ኢዩ ተጸሚዱ ዘሎ። እዚ ኸኣ ብኢድ ህግደፍ ይኽወስ ከምዘሎ ዘይተገንዘብና ብዙሓት ኢና። በዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት እምብኣር ዋላ ስርዓት ህግደፍ እንተ ተኣልየውን ሃገር ኣብ መወዳእታ ዘይብሉ ናይ ሕምሸምሽ ዓዘቕቲ ከይትኣቱ ስኽፍታ ክህልወና ግቡእ ኢዩ። እንታይ ኢዩ ምኽንያቱ ግና ክብደት ናይቲ ክመጽእ ዝኽእል ጸገም ክንርዳእ ዘይምኽኣልና? ኩሉ ኣንባቢ ኤርትራዊ ናይ ሕልና መልሲ ይሃበሉ።

ኣግሂድካ ምዝራብ የድሊ ኣሎ፣ ዕላማ ናይዛ ጽሕፍቲ እዚኣ እምብኣር `ሓባእ ቁስሉ፣ ሓባእ ፈውሱ` ከምዝብሃል፣ ክብደት ጸገም ናይ ሎሚ ኤርትራውያን ንምግላጽን እንታይ ክግበር ከምዘሎዎ ኣንፈት ንምሃብን ኢዩ።

ኣቱም ሰባት፣ ሃገር ትጠፍእ ኢያ ዘላ። ካብ ናይ ሶማልያ ተሞክሮ ዝገደደ ከጋጥመና ከምዝኽእል ክስቁረና ኣሎዎ። ብሰንኪ ድኽመትና ናብ ሃገርና ዘቋሙቱ ተናሉ ጐረቤት ከምዘሎዉዶ ኣይንፈልጥን ኢና? ስማ መገርሳ`ኮ ሓደ እዋን ኣፍደገ ባሕሪ ክህልወና ኢዩ ኢሉ ተዛሪቡ ኢዩ። ስማ መገርሳ ሓደ ተራ ሰብ ዘይኮነስ ካብቶም ላዕለዎት ሓለፍቲ መንግስቲ ኢትዮጵያ ስለዝኾነ፣ በጨቕ ኢሉዎ መርገጺ መንግስቲ ኢትዮጵያ ኢዩ ኣተንቢሁ። ምክትል ከንቲባ ኣዲስ ኣበባ ንኤርትራ ዘጠቓለለ ካርታ ኢትዮጵያ ኣብ ኣዳራሽ ቤት ጽሕፈት ምምሕዳር ከተማኦም ብዓቢኡ ዝተሰቕለ`ውን ርኢና። ስርዓት ህግደፍ ተሓባበርቲ ናይዚ ሕቡእ ሜላዚ ከምዝኾኑ`ውን ብዝተፈላለይ መገዲ ካብ ኣፍ መራሒኦም ሰሚዕናዮ ኢና።

ኢትዮጵያ ኣብ ጎበጣ ትጅምረሉ ምዓልቲ እሞ ንሕሰብ። እቲ ህዝብና ከጋጥሞ ዝኽእል ከርተት፣ ጥምየትን ሞትን ንምግማት ዝጸግሞ ኤርትራዊ ይህሉ ኢልና ኣይንግምትን። ሓቦኛታት ኤርትራውያን ክከላኸሉ ክጅምሩ ኢዮም፣ ካልኣይን መወዳእትኡ ክግመት ዘይክኣል ቃልሰውን ከምዝጅመር ኣየጠራጥርን። ከተሓሳስበና ዘሎዎ ግና እቲ ኣብ ህዝብና ንዘባናት ክስዕብ ዝኽእል ህልቂት ኢዩ።

እዋእ ኣይፋልን፣ እዝስ ብመልእኽተኛ ጸልማት ዝዝረብ ዘይከውን ሓሳብ ኢዩ ዝብሉውን ኣይክጠፍኡን ኢዮም። ናይ ዓለም ሕጊ ስለዘሎ ኢትዮጵያ ደሬራ ኣብ ጎበጣ ኤርትራ ኣይክትኣቱን ኢያ ዝብል መርትዖ ኢዮም

ከቕርበ። ዋላ ከምኡውን እንተኾነ፣ ናይ ኤርትራ መጻኢ ዕጫ፣ ነዚ ሕጂ ኣብ መንጎ ኤርትራውያን ዘሎ ፍልልይ ኣብ ግምት ኣእቲኻ፣ ኣብ ድሕሪ ምእላይ ህግደፍ ክህሉ ዝኽእል ሃዋህው ኣዝዩ ኣሰካሬ ኢዩ። ሸውሰ እኮ እዞም ስሪኦም ፈቲሖም ዘሎዉ ጀነራላት ሰብ ጠበንጃ ስለዝኾኑ ኣናብሰ ክኾኑልና ኢዮም ። እዘን ሕጂ ፋሕ ጨንገራሕ ኣትዩወን ዘሎ ውድባት ክኣ ምስ ገለ ጀነራላት ጸዕጊ ሒዘን ኣብ ሕድሕድ ምንቕት ከምዝኣትዋ ክግመት ይክኣል ኢዩ።

ስለዚ በዚ ኢልካ ቡቲ፣ እሞ ነዚ ሕጂ ዘሎ ኩነታት ኣብ ግምት ብምእታው፣ ኤርትራ ድሕሪ ምእላይ ህግደፍ ኣብ ድቕድቕ ዝበለ ናይ ጸልማት ጊዜ ከይትኣቱ ዘፍርሕ ምልክታት ኣሎ ። ነስተውዕል፣ መከረኛ ህዝቢ ኤርትራ ኢዩ እቲ ዝኸፍአ ኣደራዕ ዝወርዶ።

ውሕጅ ከይመጸ መንገዲ ውሕጅ ጽረግ

ህግደፍ ብውሽጡ ዝቦኽቦኸ፣ ብቁሩብ ድፍኢት ዝዓኑ ስርዓት ኢዩ። ናይ ቁሩብ ኣዋርሕ እንተነውሐ ክኣ ናይ ዓመት ዕድመ እንተረኸበ መን ከምኡ። እዚ ናይ ጥንቀላ ዘረባ ኣይኩነን። ምረት ህዝቢ ኤርትራ ክሳብ ጎሮሮኡ በጺሑ ኢዩ ዘሎ - ሓደ ስርዓት ክኣ ብዘይ ህዝቢ ክነብር ኣይክእልን ኢዩ።

እምብኣር ክሳብ ውድቀት ህግደፍ ምጽባይ ዘየድልዮም ጉዳያት ኣሎዉና። ኣብዛ ዘላ ሓጻር ጊዜ እሞ ብናህሪ ዝተወሰኾ ጉያ፣ ኩሉ ኤርትራዊ ሕልንኡ መርሚሩ ኣብ ቅኑዕ ናይ ለውጢ መንገዲ ምሓዝ የድልዮ ኣሎ። - ኣይመውትን ብሃላይ ተቓላሳይ - ከምዝብሃል ግና፣ ህግደፋውያን ኣብ ድሮ ሞቶም ኣብቲ መገዲ ቃልሲ ንለውጢ ናይ መሰናኽል ሓጹራት ካብ ምግባር ኣይክድቅሱን ኢዮም፣ ስለዚ ኩሉ ኤርትራዊ ንቕሓቱ ከዕዝዝ ይግብኦ።

መገዲ ጉያ ንለውጢ ቅድሚ ምጅማር ግና፣ ኩሉ ኤርትራዊ ናይ ሕልና ዕግበት ምእንቲ ክረክብ ነዚ ካብዚ ስዒቡ ዝርከብ ጽሑፍ ብሕልንኡ ኣንቢቡ ኣብ ታሕቲ ንዘላ ናይ ዕግበት ትርብዒት በዛ ናይ እወ ምልክት √ ከረጋግጽ ንላቦ። እዚ ንሰብ ይሰምዓለይ ወይ ይርኣየለይ ኢልካ ዝግበር ዘይኩነሰ ብውሽጣዊ ሕልናኻ ተደሪኽካ ዝፍጸም ተግባር ኢዩ፣

- ኣነ - ሸምካ/ሸምኪ - ብሸም እቶም ንሉኡላውነት ኤርትራ ከውሕሱ ህይወቶ ዘሕለፉ ሰማእታት፣ ብሸም እቲ ሕሰምን ኣደራዕን ስርዓት ህግደፍ መሪርዎ ኣብ ስደትን ከርተትን ዝርከብ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብሸም እቶም መሰሎም ተነፈግዎም ዝሞቱን ብዘሰካሕክሕ ስቅያት ዝነብሩ ዘሎዉን እሱራት፣ ብሸም እተን ክቡራት ኣሓትና ብመራሕቲ ሰራዊት ህግደፍ ዝወርደን ዘሎ ግፍዒ፣ ብሸም እቲ ኣብ ሃገሩ ንቡር ናብራ ተሓሪምዎ - ከይሓርስ፣ ከይነግድ፣ ዓሳ ከይገፍፍ ተኸልኪሉ - ብናይ ስርዓት ህግደፍ ግዜኡ ዝሓለፎ ኣቕርቦት መግቢ ዝነብር ዘሎ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብሸም እቲ ብሰንኪ እዚ ግዚኡ ዝሓለፎ ዓይነት ምግቢ ብኣደዳ መንሽሮ ዝሳቐ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ፣ ብሸም እቶም ድሃይ ስኢኖም ወደይ/ ጓለይ ኣቦይ ኣተወ/ኣተወት ኢሎም ኣብ ብኽያትን ስቓይን ዝርከቡ ስድራ ቤታት ኤርትራ፣ ካብዛ ሰዓት እዚኣ ጀሚረ ብዝክኣለኒ፣ ግላዊ ረብሓ ብዘየብሉን፣ ኣብዚ ናይ ሃገርን ህዝብን ኣድሕን ጎስጓስ እጃመይ ከበርክት ቃል እኣቱ ኣሎኹ።

ግላዊ ናይ ተወፋይነት መረጋገጺ ትርብዒት፡ ☐

እንትርፎ ውሑዳት ሰዓብቲ ስርዓት ህግደፍ ነዚ ናይ ሕልና ማሕላ ዘይቅበል ኦርትራዊ ይህሉ ኢልና ኣይንግምትን። ጽቡቕ፡ ኣብዚ ካብ ተሰማማዕና እምብኣር ሕጂ ኣብ ኣተገባብራ ቃልሲ ክመዓራረዩ ዝግብኦም ጉዳያት ኣሎዉና። ንውድቀት ስርዓት ህግደፍ ብሕብረት፣ ድሕሪ ውድቀት ህግደፍ ከኣ ብረብሓ ሃገርን ህዝብን ተመሪሕና ኢና ዲሞክራሲያዊ ስርዓት ክንተክልን ኣብ ህንጸት ሃገር ክንኣቱን ንኽእል። ስለዚ ሰልፊታት/ውድባት፣ ህዝባዊ ምንቅስቓሳት፣ ማሕበራዊ መራኸቢታት፡ ምሁራት ኣካላትን ከተግብርዎ ዝግብኦም - ውዓል ሕደር ዘየድልዮም - ዕማማት ኣሎዉ።

ውዱባት

ኣብ ናይ ኤርትራ ውዱባት ሕማቕ ተርእዮ ጸኒሑ ኢዩ። `ተርእዮ ተፈናጨል` እንተ ተባህላ ምግናን ኣይኮነን። ብሓጺሩ፡ እዚ ተፋናጨል እዚ ከብቅዕ ኣሎዎ። ከምቲ ዝተባህለ፣ ልዕሊ ውልቃዊ ረብሓ ይኹን ዝና፣ ሃገረውን ህዝባውን ረብሓ ምቕዳም የድሊ ኣሎ። ስለዚ ኩለን ውድባት ልቢ ብምዕባይ ኣብ ሓደ ሃገራዊ ደንበ ክትጥርነፋ ብሸም እዚ ዝተኣትወ ናይ ሕልና ማሕላ ጻዊዒት ይቐርበለን ኣሎ። ኣፋትል ሓቢረን ኣንበሳ ኣሰሪን እኮ ተባሂሉ ኢዩ። ነቲ ብሃረርታ ዝጽበ ዘሎ ውጹዕ ህዝቢ ብዘሐጉሰ ናይ ሕብረት መለኸት ዘበሰራሉ ሰዓት በጺሑ ኢዩ። ገለ ኣፈናዊ ናይ ውድባት ሕብረት ኣብ ቀረባ እዋን ተሰሚዑ ኣሎ። ጽቡቕ ጅማሮ ኢዩ። ሕጂ ናብ ሃገራዊ ጥርናፈ ምስግጋር ኢዩ ተሪፉ ዘሎ - ስለዚ ነዚ ዕዮዚ ከተግብርኦ ብተሰፋ ንጽቡ። ከምዚ ዝዓይነቱ ትልሚ ናይ ጊዜ ገደብ ስለዘድልዮ ኣብ ውሽጢ ሰልስተ ኣዋርሕ ሃገራዊ ጥርናፈ ዘሎዎ መሪሕነት ክምስርታ ንህዝቢ ኤርትራ ቃል ይእተዋሉ።

ኤርትራውያን ህዝባዊ መራኸቢታት (ሚድያ)

ኤርትራውያን መራኸቢታት ኣብ ምንቅቓሕ ህዝቢ ክዓምኦ ዝጸንሓ ስራሓት ክምስገን ዝግቡኦ ኢዩ። እዋናዊ ሓበሬታ ኣብ ምትሕልላፍ ዓቢ ተራ ኢየን ዝጻወታ ዘሎዋ። ይኹን እምበር፣ እዘን ህዝባዊ መራኸቢታት`ውን ምውድዳር ዘይኮነስ ብናይ ምትሕግጋዝ መንፈስ ኣበርክቶኣን ብዝለዓለ ውጽኢታዊ ንምግባር ኣብ መንነኣን ናይ ልዝብ መድረኽ ምኽፋት የድልየን ኣሎ። ኣቶኩሮ ኩሉ ኤርትራዊ ኣብ ድሕነት ሃገርን ህዝብን ይኹን ኢዩ ዝብሃል ዘሎሞ ምትሕብባር ናይ ሚድያ መራኸቢታትውን ጊዜ ዝጽውዖ ዘሎ ጠልብ ምኳኑ ይገንዘብኦ።

ህዝባዊ ምንቅስቓሳት

ገንፊሉ ዝተላዕለ ህዝቢ ዓጋቲ ከምዘየልብሉ ኣብ ሃገራት ኣዕራብ ከምኡውን ኣብ ጎረቤት ኤርትራ ዝኾነት ሱዳን ክሳብ ኣብ ምእላይ መንግስቲ ከምዝተዓወተ ርኢና ኢና። ምረት መግዛእቲ ናይቶም ዝነበሩ መራሕቲ ኢዩ ቀጥዐ ህዝቢ ኣለዓዒሉ ኣብ ቃልሲ ተሰጋጊሩ ልውጢ ኣምጺኡ። እቲ ዝተረኽበ ዓወት ግና ብዙሕ መስዋኣቲ ኢዩ ተኸፊልዎ።

ክቱር ጭቆና ስርዓት ህግደፍ ኩይንዎ፣ ኣብ ልዕሊኡ ክኣ ጠርናፊ ኣካል ስኢኑ`ምበር ህዝቢ ኤርትራ`ውን እንተኾነ ታሪኹ ዝምስክረሉ ጽንዓት ኣሎዎ። ናጽነት ኤርትራ ብ`ኣነ ክሓልፍ ብሃልቲ ውሑያት ሰማእታት

ኢያ ተረኺባ እሞ ኩሉሳዕ መሐበንን ምርኩስ ናይ ቀጻሊ ቃልስናን እዮም። እምበኣርከስ፣ ኣሰር ሰማእታትና ተኸቲልና_"ንበዝዶ ይዋዘ - ዓዱ ከይሓዘ" ክኸውን ኣሎዎ ጭርሖና።

ኣጓብዝ ኤርትራ ዓድኹም ንዑናይ፣

ጎራዙ ኤርትራ ዓድኽን ንዓናይ፣

ሰብኡትን ኣዴታትን ተንስኡ ዓድኹም ንዑናይ፣
ዓድኹም ትብል ኣላ ንዑ ናባይ፣

ህዝብኹም ይብል ኣሉ ኣድሕኑኒ ካብ ጸበባይ።

ኤርትራዊ ምሁር ኣካል

ምሁር ኣካል ደቂሹ ኢዩ ዘሎ ኣንተ ተባህላ ምግናን ኣይኩነን። እንታይ ኩን ይኸውን እቲ ጸገም? ከምዚ ሕጂ ዘይኩነ፣ ኣብ ጊዜ ቀዳምይ ቃልሲ ኤርትራ ብዙሓት ኣብ መጽናዕቲ ዝተመርኩሱ ጽሑፋት ኢዮም ዝወጹ ነይሮም። ንምእማት ዝኣክል እምበር ከምዚ ኢዩ እቲ ጠንቂ እሞ ከምዚ ክግበር ኣሎዎ ዝብሃል ነገር`ውን ኣይኩነን። ስለዚ፣ ምሁራት ኤርትራውያን ኣብ ጉዳይ ሃገርኩምን ህዝብኹምን ብሓላፍነት ክትዋስኡ ትጽቢት ይግበረልኩም ምህላዉ ተገንዘቡ።

ኤርትራዊ ምሁር ክንብል ከሎና ነዞም ጊዜ ዝሓለፈና ሰባት ዘጠቓለለ ሓሳብ ኣይኩነን። ናትና ናይዞም ሰብ ቀደም ምሁራት ታራሞ ኣብ ምኽርን ኣብ ምትብባዕን ኢዩ ክውሰን ዘሎዎ።

ተፈጸመ።

ነዛ ጽሕፍቲ እዚኣ ናብ ዓረብ ክትርጉማ ዝኽእል ወለንተኛ ክርከብ ተሰፋ ንገብር።